# ኣብ 2013 ኤች ኣይ ቪ ለጊቡካ ኣብ ሽወደን ምንባር

ን4 ኣዋርሕ ዚኣክል፣ ኣብ ምሉእ ሃገር ዚርከቡ ልዕሊ 1000 ዝኾኑ ኤች ኣይ ቪ ዘለዎም ሰባት፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ኤች ኣይ ቪ ሒዙካ ኣብ ሽወደን ምንባር ከመይ ከም ዝኾነ ብዚምልከት፣ ኣብ መጽናዕቲ ንኽሳተፉ ክሕተቱ እዮም። እዋናዊ ፍልጠት ብዛዕባ ጽባቐ ህይወት ናይ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ምርካብ ውን፣ ነቲ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ፣ ኣብ ክንክን ሕማምን ኣብ ማሕበራዊ ህይወትን ዘሎ ኣቀባብላን ንምቕያር ዘኽእል ክኸውን እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ናትካ (ናትኪ) ተሳትፎ፣ ኣዝዩ ዓቢይ ትርጉም ዘለዎ እዩ።

## ብኸመይ ክትግበር 'ዩ?

ኣብቲ ናይ ረኽሲ መቐበሊ ሕሙማት ኣብ ዝመጻእካሉ ግዜ፣ ብዛዕባ ከመይ ከም ዘሎኻን፣ ከምኡውን ብዛዕባ ከበድቲ ኮይኖም ዚስምዑኻ ወይውን ዘይከብዱኻ ናይ ህይወት ረቛሒታትን ሕቶታት ዝሓዘ፣ ሓደ ዚምላእ ኦርኒክ ክወሃበካ እዩ። ንኣብነት ኣብ ስራሕካ፣ ኣብ መገሻኻ፡ ርክብ ምስ ክንክን-ሕክምናን ምስ ሰብ ዘሎካ ዝምድናታትን ክጥቀስ ይክኣል። ነዚ ኦርኒክ እዚ ንምምላእ ካብ 20 ክሳብ 40 ደቒቕ ግዜ ዝወስድ እዩ።

እዚ ሕቶታት'ዚ መታን ብዝተኻእለ መጠን እዋናዊን ኣገዳሲን ንምግባሩ፣ ምስ ብዙሓት እተን ንኤች ኣይ ቪ ዝለገቦም ሰባት ዚሕግዛ ውድባት (HIV-Sverige, Noaks Ark, Brukarföreningen i Stockholm) ብምውኻኻስ ዝተዳለወ እዩ። ገለ ካብቲ ሕቶታት ከም ምድግጋም ወይ ኣሉታዊ ክመስል ይኽእል'ዩ። እንተኾነ እቲ ሕቶታት ምስ ናይ ካልኦት ሃገራት መጽናዕቲ ውን ንምጽጻር ተባሂሉ ዝተዳለወ ኣገደስቲ ኣርእስቲታት ዝሓዘ እዩ። ጸብጻብ ኣስተዋጽኦ ናይዚ መጽናዕቲዚ ኣብ መወዳእታ ጽድያ 2014 ተዳልዩ ክወጽእን፣ እቶም ዝግደሱ ውን ክርእይዎ ክኽእሉን እዮም።

**እዚ ዚምላእ ኦርኒክ ምስጢራዊን ብገዛእ ፍቓድካን ዚግበር'ዩ። ብዝኾነ ዓይነት መንገዲ ከም ግለ-ሰብ ንስኺ ወይ ንስኻ ነቲ ሕቶታት ከም ዝመለሽካዮ ክልለየሉ ዚኽእል ኩነታት የልቦን። ዝኾነ ካብቶም ሕክምና ዚህቡኻ ሰባት/ትካላት፣ ነቲ መልሲታትካ ክንብብዎ ኣይክእሉን እዮም።**

እቲ ተሳታፍነትካ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ደው ክተብል ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ መጽናዕቲ'ዚ ኣይሳተፍ'የ ምስ እትብል/ሊ ውን፣ ንሕክምናኻ ብኣሉታዊ ነገር ይጸልዎ እዩ ማለት ኣይኮነን።

## መን'ዩ ሓላፍነት ዘሎዎ?

እዚ መጽናዕቲ'ዚ ብምትሕግጋዝ ኣብ መንጎ Smittskyddsinstitutet, Karolinska Institutet, Karolinska Universitetssjukhuset, Venhälsan, Astrid Lindgrens barnsjukhus i Stockholm ከምኡውን infektionsmottagningarna i Helsingborg, Malmö, Karlskrona, Kalmar, Visby, Skövde, Göteborg, Örebro, Falun, Gävle, Umeå och Luleå ዝተዳለወ እዩ። ዋና ሓላፊት ናይዚ መጽናዕቲ ድማ፣ Anna Mia Ekström እያ። ንሳ ሓኪምን፣ ፕሮፌሶርን infektionsläkare och professor på Karolinska እያ። እዚ መጽናዕቲ'ዚ ብኮሚቴ ሞራላዊ ሕቶታት ኣብ ሕብረተሰብ፣ ብዞባዊ ደረጃ ኣብ ስቶክሆልም፣ ቅቡል ኮይኑ ዝወጸ እዩ።

## ሕቶታት ምስ ዚህልወካ

… ብዛዕባ እቲ ኦርኒክ፣ ምስቲ ኣብዚ መጽናዕ'ቲ ንኽትሳተፍ ዝሓተተካ ሰብ ርክብ ግበር።
… ብዛዕባ'ዚ መጽናዕቲ'ዚ፣ ምስታ ናይ ስነ-ምርምር ሓላፊ/ት ብቐጽሪ ስልኪ 0735 - 605 942, www.attlevamedhiv.se ወይ ድማ ብኢመይል ምስ anna.mia.ekstrom@ki.se ርክብ ግበር።
… ሓፈሻዊ ብዛዕባ ኤች ኣይ ቪን ወይ ምስ ኤች ኣይ ቪ ምንባርን፣ ከመይ ከም ዝኾነ ምኽሪ ንምርካብ፣ ምስዞም ዚስዕቡ ረክብ ግበር/ሪ።

- Hiv-Sverige Riksförbundet för hivpositiva: ቴሌፎን: 08-714 54 10, ኣድራሻ ኢንተርነት www.hiv-Sverige.se
- Posithiva Gruppen. ቴሌፎን: 0736-24 24 22, ኣድራሻ ኢንተርነት www.posithivagruppen.se
- Riksförbundet Noaks Ark, ኣብ ኣድራሻ ኢንተነት ርአ www.noaksark.org ምስቶም ናይ ከባቢ ማሕበራት ንምርኻብ፣ ወይውን ምስ Noaks Ark ብቐጥታዊ ቴሌፎን 020-78 44 40 ርክብ ግበር/ሪ።

## ኣብዚ ምስ ኤች ኣይ ቪ ምንባር ኣብ ሽወደን 2013 ዚብል መጽናዕቲ፣ ንኽትሳተፍ/ፊ ምስምማዕካ

ነዚ ሕቶታት'ዚ ብምምላሽካ፣ ኣብዚ መጽናዕቲ'ዚ ንኽትሳተፍ ተሰማሚዕካ ኣሎኻ። እዚ ምስታፋካ/ኪ ውን ብፍቓድካ ዚግበር ምዃኑን፣ እቲ እትምልሾ መልሲ ውን ኩሉ ብምስጢራዊ ኣገባብ ከም ዚተሓዝን ኣረጋጊጽካ ኣሎኻ ማለት'ዩ።